**ጥምረት ማሕበራት ትግራይ ኣብ ዲያስፖራ** | Alliance of Tigray Associations in Diaspora (ATAD)

atad2022@gmail.com | **AllianceTigray@gmail.com**

Ref. ATAD – 007 – 2023
ዕለት 09.09.2023

# እዋናዊ ኩነታት ትግራይ ኣመልኪቱ ብጥምረት ማሕበራት ተጋሩ ዲያስፖራ (ኣታድ) ዝወፀ ናይ ቅዋም መግለፂ

ብልፍንታዊ ናይ ፅንተት ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፋሕሰ ሽርሒን ብናይ ውሽጥን ደገ ሓይልታት ምትእኽኻብን፣ እዚ ዝይባሃል ሰራዊት ፣ ናይ ምድርን ናይ ሰማይን ኣፀዋራትን ዝተዋደደ ኲናት ኣሳዊሮም ኣብ ህዝቢ፣ ኣብ ተፈጥሮን ሰብ ሰራሕ ሃፍትታት፣ ታሪካዊ ሓድግታትን ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፍለጥ ናይ ፅንተት ተግባር ተፈፂሙ ኢዩ።

እዚ ኹሉ ግፍዕን መከራን ዝበፅሐ'ውን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምኽባር መሰሉን መሰል'ማቱን ዘይዋገ ምኳኑ ፀላእቲ ኣንዳዕዲያም ስለዝፈልጡን ምድናን ርእሲ ህዝቢ ትግራይ ምድናን ርእሲ ኲሉ ህዝቢ ኢዩ ኢሎም ስለዝኣምኑ ኢዩ።

ህዝቢ ትግራይ ነቲ ዝወረዶ ግፍዕን መከራን ክምክት ብዘይ ምንም ኣፈላላይ ከም ቆፎ ንህቢ ዓሲሉ ንዝመፅዎ ዕስለ ፀላእቲ ብኸቢድ ጅግንነትን መስዋእትነት በዲሁ ናብ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ንኽኣትዉ ብምግባር እታ ሎሚ ዘላ ናይ ሰላም ኣፋፍኖት ካብ ዝረከብ እነሆ ሎሚ ልዕሊ 10 ኣዋርሕ ገይሩ ኣሎ።

ኮይኑ ግና ብህዝቢ ትግራይ ምፅናት ሸወሃቶም ዘየርወዩ ጎበጥቲ ሓይልታት ኣምሓራን ኤርትራን ንውዕሊ ፕሪቶሪያ ብምቅዋም ሎምውን ልዕሊ 30% መሬትና ጎቢጦም ሒዞም ዘለዉ ኾይኖም ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ናይታ ሃገር ዶባት ንኽኽብር ሓላፍነት ዝተዋህቦ ናይ ፌደራል መንግስቲ እስካብ ክፍፅሞ ዝግባእ ሓላፍነት ከምዘይፈፀመ እሙን ኢዩ።

በዚ ምኽንያትውን ካብ መረበቶም ዝተመዛበሉ ብሚልዮን ዝቑፀሩ ተመዛበልቲ ወገናትና ናብ መረበቶም ብዘይምምላሶም ካብ ዝግቦኦም ብላዕሊ ይሳቐዩ ከምዘለዉን ኣብቲ ክልልውን ዓብዩ ማሕበራውን ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ፈጢሩ ዘሎ ጉዳይ ኢዩ።

ብኻሊእ ወገን በቲ ስምምዕ መሰረት ናብ ንቡር ሂወቶም ክምለሱ ዝግቦኦም ተፋነውቲ ተጋደልቲ፣ ኣካል ጉዱኣት ኲናትን ዖታዊ ዓመፅ ዝበፅሐን ወገናት ኣብቲ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሙ ዝደቐቐ ማሕበረሰብና ማእገር ኣለዉ።

ብሓፈሻ ናይ ድሕረ-ኲናት ቅልውላው ማለትውን ኣካል ምጉዳል፣ መስዋእቲ ፣ ማህሰይቲ ዖታዊ ዓመፅ ስእነት ስራሕ ወዘተ ምስኡ ድማ ብፀላእቲ ዝተኸበበት ትግራይ ሒዝካ መፃኢ ህዝቢ ትግራይ ዋሕዋሕታ ብርሃን ኣብዘይረአየሉ ኹነታት ምህላው ክፈጥሮ ዝኽእል ኢኮኖሚያዊ፣ ስነ ልቦናዊን ማሕበራዊ ቅልውላው ከቢድ ኢዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱን ካልኦትን ማእለያ ዘይብሎም ፀገማት ምፍታሕ ኣብ እንግዳዕ ጊዜያዊ መንግስቲ፣ ተነሓናሕቲ ውድባትን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወፃእን ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ብውሕሉል ጥንቃቐ ብምንቕቓፍ፣ ብምትእርራምን ብምርድዳእን ኢዩ ፍረ ዘለዎ ምፍታሕ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ክርከብ ዝኽእል።

ኣብዚ እዋንዚ ዘለዉ ናይ ቅትለት ጉሕለትን ዓመፅን ተርእዮታት ብዓይኒ መዐቀኒ እሴታት ባህሊ ትግራይ ፍፁም ተቐባልነት ዘይብሎም ወንጀላት ብስምረት ህዝብን መንግስትን ክለምሱ ኣለዎም ኢልና ንኣምን።

ህዝቢ ትግራይ ክቡር መስዋእትነት ካብ ዝኸፈለሎም ዓበይቲ እምነ ኹርናዓት ሓደ መሰላት ውልቀ ሰባት፣ ህዝብታትን ዝተፈላለየ ናይ ፖለቲካን ናይ ሃይማኖት እምነታትን ምኽባር ኢዩ።

**ጥምረት ማሕበራት ትግራይ ኣብ ዲያስፖራ** | Alliance of Tigray Associations in Diaspora (ATAD)

atad2022@gmail.com | **AllianceTigray@gmail.com**

ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር ሰላማዊ ምኧኑ እስካብ ዝተረጋገፀ እዋን ብጊዜን ብቦታን ክውሰን ዘይብሉ ዘይጋሃስ መሰል ህዝብታት ብምኧኑ ኣብ ቀረባ ጊዜ ኣብ ተሰለፍቲ ዝበፅሐ ምንግልታዕን ናይ ሰልፊ ምትእጉኳል ከም ደለይቲ ፍትሒ ተጋሩ ዲያስፖራ ብትረት ንኹንኖ ጉዳይ ኢዩ።

ሰላማዊ ንዝኾነ ሰልፊ ሰላማዊ ናይ ኣተኣላልያ መገዲ ብምጥቃም ምክያድ እንበር ተመጣጣኒ ዘይኮነ ናይ ሓይሊ ስጉምቲ ምውሳድ ፍትሕን ዲሞክራስን ንዝጠልብ ህዝቢ ግቡእ ኢዩ ኢልና ኣይንኣምንን ፤ብቐፃሊ ክለዓሉ ንዝኽእሉ ተመሳሳሊ ሕቶታት ኣብ ምፍታሕውን ፀገማት ከየስዕቡ ስግኣት ኣለና። ከምእውን ኣብቶም ሰልፈኛታት ዘይግቡእ ሓይሊ ዝተጠቐሙ ፖሊሳትን ናይ ፀጥታ ኣካላትን ግቡእ ምፅራይ ተገይሩ ናብ ፍርዲ ክቐርቡ ንላቦ።

ብኻሊእ ወገን ብተናሓናሕቲ ውድባት ዝለዓሉ ጭርሖታት ህዝባዊ ተፃብኦ ከፈጥሩ ዝኽእሉን ናይ ፀላእቲ ዝመስሉ ንህዝቢ ትግራይ ዝሽፋፍሉን ክኾኑ ኣይግባእን ፤ እቲ ህዝብውን ኣብ ተነሓናሕቲ ውድባት ዘለዎ ኣራኣእያ ኣሉታዊ ንኸይኸውን ብምስትውዓልን ብምጥንቃቕን ክትሰርሑ ይግባእ ኢልና ንኣምን።

ብሓፈሻ ግን ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ እዋንዚ ዘለዎ ቀንዲ ኣስጋእን ህፁፅን ጉዳይ ናይ ሃላዋት ጉዳይ ኢዩ። ምስ ጎረባብትና ዘለዉ ተፃብኦታት ገና መዕለቢ ኣይረኸቡን። ብምኧኑውን ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለም ዘሎ ትግራዋይ ዛዕባ መፃኢ ሃለዋት ህዝቢ ትግራይ ድቃስ ዝሰኣነሉ ጉዳይ ብምኧኑ ካብ ዝኾነ ዛዕባ ብላዕሊ ጊዚያዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ተነሓናሕቲ ውድባት ትግራይ፣ ምሁራት ትግራይን ኣብ ውሽጥን ኣብ ወፃእን ዘሎ ትግራዋይ ኩሉ ኣብ ምፍታሕ እዚ ፀገም ተዋዲዱን ተናቢቡን ብምሉእ ተበግሶን ውፍዩነትን ንኽሰርሕ ብትሪ ንፅውዕ።

ሕድሕድ ብዓል እጃም/stakeholder/ አእጃሙ ንኽልዕል ጊዚያዊ መንግስቲ ትግራይ ዓብዪ ተራ ክፃወት ኣለዎ ኢልና ስለንኣምን በቲ ቅድሚ ሎሚ ክኸዶ ዝፀንሐ ኣካይዳ ዘይኮነ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ትርር ዝበለ ቅዋም ሒዙ ቅልጡፍን ኣሳታፊ ብዝኾነ መገዲ ስልታውን ተግባራዊ ፍታሕ ከምፅእ ብዘኽእል መገዲ ንኽንቀሳቐስ ብትሪ ንሓትት።

ኣብ ትግራይ ዝረአ ዘሎ ናይ ቅትለት፣ ጉሕለትን ዓመፅን ምስቲ ዘሎ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላዋት ቀጥታ ምትእስሣር ኣለዎ ኢልና ስለንኣምን ጊዚያዊ መንግስቲ ትግራይ ህፁፅ ሰብኣዊ ረድኤት ካብ ምቕራብ ጀሚሩ እቶም ዘለዉ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ብቕልጡፍ ክመሓየሹሉ ዝኽእሉ ስጉምትታት ንኽወስድ ንሓትት

ምምሕያሽ ፖለቲካዊን ዲሞክራሲያዊን ሃዋህው ትግራይ ነታ እንምነያ መፃኢት ትግራይ እምነ ኹርናዕ ምንፃፍ ስለዝኾነ እዚ ጉዳይ'ዚ እኹል ትኹረት ተዋሂብዎ ንኽመሓየሽን ዝኾነ ይኹን ድምፂ ህዝቢ ዝስመዐሉ ሃዋህው ምፍጣርን ህዝቢ ዝኾነ ዓይነት ሓሳቡ ንኽገልፅ ምትብባዕ ቀንዲ ዕማም መንግስቲ ትግራይ ንኽኸውን ንፅውዕ።

ፈፃሚት ኮሚቴ ኣታድ